EHDR-UK

## ኣውያት መንእሰያት ካብ ጓይላን ዳንኬራን ይደምቕ !
## ኣውያት መንእሰያት ይሰማዕ!!!

ኣብዚ እዋንዚ መንእሰያትና ብህግደፋዊ ስርዓተ ኣልቦነት ዘኸተሎ ጸገማት ዓዱምን ዝፈትውዎ ቤተሰቦምን ሓዲጎም ፈቀደኡ ንስደት የምርሑ ከምዘለው በዚ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ንርእዮ ዘሎና ብዝሒ ዋሕዚ መንእሰያት ዝረጋገጽ ሓቂ እዩ።

ንኹሉ ኩነታት ሃገር ዝካታተልን ኣእምሮ ዘለዎን ምኽንያቱ ከም ጸሓይ ቀትሪ ብሩህ እዩ፥

- ሃገር ብራዕድን ሽበራን ጅሆ ተታሒዛ ኣብ ኣዚዩ ኣሻቃሊን ኣሰካፊን ደረጃ በጺሓ ስለ ዘላ፥
- ደቂ ሃገር ኣብ ገዛእ ዓዶም ተሾቒሪሮም ምዩቕ እንዳበሉ ክነብሩ ዝግደድሉ እዋን ብምህላውና፥
- ወለድና ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ግፍዕን ማእሰርትን ይደራረቦም ብምህላው፥
- መንእሰያትና ብዘሰቅቕ ኩነታት ክርሽኑን ኣብ ባርነታዊ ወፍሪ ንዘይተወሰነ ወቕቲ ተጸሚዶም ይነብሩ ብምህላዎም፥

ህግደፍ ብዋሕዲ ናይ ወጻኢ ሸርፊ መሬት ጸቢባቶ ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብለሉ ዘሎ እዋን፥ ትርጉም ጽንብል ባሕቲ መስከረም ከኸብር ተበጊሱ ከምዘይኮነ ንኹልና ብሩህ ይመስለና። ሃገር ሰላምን ርግኣትን ከም ዝዓሰላ ንምምሳል ሃየ ሳዕስዑ፥ ኣጣቕዑ፥ ገንዘብ ኣዋጽኡ ብምባል በዓል ብምድላው ክጥብረና ምፍታኑ ግን ብህዝቢ ኣሽካዕላል ምጽዋት እዩ ንብል።

ድሙቕ ጓይላን ሂር ዝበለ ዳንኬራን ንገለ ሰባት መረስዒ ብስጭት ይጠቅም ይኾውን። ግን ንጹሃት መንእሰያት ኣሕዋትካ ብዓረር እናተቆልቡ እንከለው፤ ሃገር ብውሽጣዊ ቅልውላው ተሓሚሳ ከላ፤ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ድኽነት እንዳተሳቀየ ከሎ፥ ከምኡ ምግባር የምሕረልናዶ?

ደቂ ሃገር ኣብዚ ሰዓትዚ ዝጠልብዎ ዘለው ኣብ በዓላት ህግደፍ ክንስዕስዕ ዘይኮነስ እንታይ ደኣ ኣውያቶም ከነስምዕ፥ ዓገብ ክንብል፥ ለውጢ ክንጠልብዮም ዝሓቱና ዘለው። ስለዚ እቶም ኣብ ሃገርና ለውጢ ክንርኢ ንደሊ ደቂ ሃገር መሳርሒ ናይዚ ስርዓት ካብ ምዃን ተቆጢብና፥ ብዝተኻእለ መጠን ድምጺ ናይቲ ከድምጽ ዘይክእል ህዝብና ኮይንና፥ እታ ዝቀለለት ከነተግብራ ንኽእል እግርናን ኢድናን ብምእካብ እያ እሞ፥ ካብ ኣብ ናይ ህግደፍ መደባት ምስታፍ ንቆጠብ፥ ኣውያት ህዝብና ድማ ነስምዕ።

ኤርትራውያን ንሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት-ዓባይ ብሪጣንያ
ነሓሰ 2005

www.ehdr.org.uk